## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቍጽሪ 12. ተበግሶ ማሕበር መንእሰይ ጀርመን

ብመጀመርያ፡ ዝኸበረን ዝዓዘዘን ሰላምታ ንኩሉኹም ተኻፈልቲ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ይብጻሕኩም።

ኣብ'ዚ፡ ሽግር ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ሕማቕ ናብ ዝያዳ ዝኸፍአ ኩነታት እተሰጋገረሉን፤ ልዑላውነት ሃገር ንሓደጋ እተሳጥሓሉ፤ ናይ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ናይ'ቲ ደራኺ ምዕባለ ዝኾነ መንእሰይ ከኣ ብፍላይ፡ ዝርአ ዘሎ ዋሕዚ ናብ ስደት፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ናይ ወለዶ ባዶነት ከይፍጠር ኣብ ዘስግኣሉ፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ ዞናና ሰፊኑ ዘሎ ዘይምርግጋእ ናብ ዳግማይ ደም ምፍሳስ ከየምርሕ ኣብ ዝፍርሓሉን፤ ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲታት ስርዓት ህግዲፍ፡ ሃገርና ኤርትራ፡ ተራእዩ ኣብ ዘይፈልጥ ናይ ተነጽሎ ሃለዋት ኣብ ዝኣተወትሉን፤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ውን፡ በቲ መሪር ናይ ምፍንጫል ተረኽቦን ብመስዋእቲ ናይ ጅግና ኣቦ መንበሩ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ንኸቢድ ፈተነ ኣብ እተጋለጸሉ፤ ደምበ ተቓውሞ፡ ነቲ ናይ ፋሕ ብትን ሃለዋት ሰጊሩ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዓሲሉ ኣብ ዝቃለሰሉ፤ ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝብና፡ ኣብ ፖለቲካዊ ውድባት ወይ ድማ ኣብ በርገሳዊ ማሕበራት ተወዲቡ ቃልሱ ኣብ ዘጓሃህረሉ ኣብ ዘለወሉ ጽንኩር እዋን፡ ውድብኩም ምእንቲ ፍትሕን ዲሞክራስን ንዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ዘሎና ኣኽብሮት እናገለጽና፤ ንኩነታት ህዝብናን ዞናናን ደምበ ተቓውሞን ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ንስቅያት ህዝብና ዘሕጽር፡ ምርድዳእ ዝመልኡ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዝህብ ዕዉት ናይ ሓድነት ጕባኤ ክኸውን ትምኒትና ንገልጽ።

ንሕና፡ ብተበግሶ ማሕበር መንእሰይ ጀርመን እንፍለጥ ናጻ ሲቪላዊ ማሕበር ኢና። ጕባኤኹም፡ መንእሰይ ኣብ ምሕያል ተቓውሞን ዳግመ-ህንጻ ሃገርን ንዘለዎ ዓቢ ተራ ግቡእ ቆላሕታ ክገብረሉ ንላቦ። ጕባኤኹም፡ ናይ መንእሰያት ሓድሽ ደም ኣብ ኣመራርሓ ውድብኩም ዘትኣታቱ ክኸውን ሰብ ምሉእ ተስፋ ኢና። ኣብ ሃገርናን ዞናናን ርግኣትን ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ንምስፋን ዝሕግዝ ጕባኤ ክኾነልና ንምነ።

ሰላምን ቅሳነትን ንህዝቢ ኤርትራ!<br>
ክብርን ዘልኣለማዊ ዝኽርን ንሰማእታትና!

ተበግሶ ማሕበር መንእሰይ ጀርመን<br>
23.07.2006